ግንባር ሃገራዊ ድሕነት ኤርትራ
ቤት ጽሕፈት ዜናን ባህልን

جبهة الإنقاذ الوطني الإرترية
مكتب الإعلام والثقافة

ERITREAN NATIONAL SALVATION FRONT
INORMATION & CULTURAL OFFICE
ensf.info@gmail.com

# ግሃድኤ ኣብ ሆላንድ ኣገዳሲ ውድባዊ ሰሚናርን
# ጉባኤ ዞባ ኤውሮጳን ኣካይዱ

ግንባር ሃገራዊ ድሕነት ኤርትራ ብዕለት 8 መስከረም 2018 ኣብ ሆላንድ ከተማ “ደን-ሃክ” ኣገዳሲ ውድባዊ ሰሚናር ኣካይዱ።
ብምምሕዳር ፖለቲካውን ስርዒታውን ቤ/ጽ ዝተማእከለ ውድባዊ ሰሚናር፣ ብዝኽሪ ኩሎም ስውኣት ሃገርናን፣ ብፍላይ ድማ ኣብዚ ቐረባ ግዜ  ብመስዋእቲ ዝተፈለየና ብጻይናን መራሒናን ገዛኢ ኪዳነን፣ ከምኡ’ውን ኣብ ዝሓለፈ ሓጺር መዓልትታት ብመስዋእቲ ዝተፈለየና ሓደ ካብቶም ታሪኻውያን መራሕቲ ጅግና ሰራዊት ሓርነት ኤርትራ ዝኾነ ተጋዳላይ ሓምድ ማሕሙድ  ተኸፊቱ።




ቀጺሉ ብጻይ ነጋሽ ዑስማን ሓላፊ ፖለቲካውን ስርዒታውን ጉዳያት ቤ/ጽ፣ ድኻምም ከይጸብጸቡ፣ ኣብዚ ኣገዳሲ ሰሚናር ንኽትሳተፉ ካብ ዝተፈላለየ ሃገራት ዝመጹ ኣባላት ውድብ ብምምጓስ፣ ምዕሩግ ኣቀባብላን ዝነኣድ ምስንዳእን ንዝገበረ ግሃድኤ ጨንፈር ሆላንድ ልዑል ምስጋና ብምቕራብ ኣኼባ ብምኽፋት፣ መድረኽ ንኣቦ መንበር ፈጻሚ ኣካል ግሃድኤ ብጻይ ዶር. ዩሱፍ ብርሃኑ ኣመሓላሊፉ። ኣቦ መንበር ውድብ፣ ንኣኼብኛታት ገድላዊ ሰላምታ ድሕሪ ምቕራብ፣ እዚ ኣኼባ ክውን ንምግባር ዝገበርዎ ጻዕርን ወትሩ ዘርእይዎ ጽንዓትን ተወፋይነትን ኣመጒሱ። ቀጺሉ፣ ኣብ ትሕቲ ምልካዊ ምሕደራ፣ ኣብ ኤርትራ ሰፊኑ ዘሎ ፖለቲካዊ ኩነታትን፣ ኣብ ዞናና ተኸሲቱ ዘሎ ምዕባሌታትን፣ ከምኡ’ውን ውድብና ይኹን ተቓውሞ ደምበ፣ ብፍላይ ድማ ኤርትራዊ ሃገራዊ ባይቶ ንዲሞክራስያዊ ለውጢ ዘለዎ ኩነታት ብሰፊሑ ገሊጹ።

*ድሕሪ መግለጺ ኣቦ መንበር፣ ተሳተፍቲ ሰሚናር፣ ንኽትዕ ዝቀረበ ፖለቲካውን ስርዒታውን ሰነድ፣ ሓላፍነትን ግሉጹነትን ብዝመልኦ ኣገባብ ብዕምቀት ዘቲዮም። ግቡእ ገምጋምን ሚዛንን ድሕሪ ምስፋር፣ዲሚክራስያዊ ለውጢ ኣብ ሃገርና ንምርግጋጽ፣ ሃገራዊ ግደ ውድብናን ተቓውሞ ደምበን ንምዕዛዝ ይሕግዙ ኢዮም ዝበሎም ርእይቶታትን ለበዋትን፣ ተሳተፍቲ ሰሚናር ብምቕራብ ሰሚናር ብዓወት ተዛዚሙ። ሓደ ካብ'ቲ ኣገዳስቲ ዝቐረቡ ሓሳባት፣ ጥምጥምና ምስ መላኺ ጉጅለ ህግደፍ ኣብ ውሽጢ ኤርትራ ንምብራኽ ብውድብና ብዕቱቡነት ዝስራሓሉ ዘሎ ጉዳይ ብምምዃስ፣ ኣባላት ግሃድኤ ዞባ ኤውሮጳ ክገብርዎ ዝግባእ ገድላዊ ኣስተዋጽኦ ክብ ክበሉ ምዃኖም፣ ተሳተፍቲ ሰሚናር መብጸዓኦም ኣሓዲሶም።*

*ድሕሪ'ዚ፣ ወከልቲ ጨናፍር ግሃድኤ ኣብ ኤውሮጳ ዝተሳተፍዎ 5ይ ጉባኤ ግሃድኤ ዞባ ኤውሮጳ፣ ኣብ ትሕቲ "ህዝብን ሃገርን ንምድሓን ገድላዊ ግደ ጨናፍር ግሃድኤ ንምብራኽ ንቃለስ" ዝብል ጭርሖ ስራሓቱ ብዕሊ ጀሚሩ። ጉባኤኛታት ብሸማግለ ዞባ ዝቐረበ ናይ ስራሕ ጸብጻብ ብዕምቀት ድሕሪ ምግምጋም ብምሉእ ድምጺ ኣጽዲቖም። ዲሞክራስያዊ ለውጢ ንምርግጋጽ ብውድብናን ብካልኦት ሃገራውያን ሓይልታት ዝካየድ ኣብ ዘሎ ዘይሕለል ቃልሲ ግደ ዞባ ኤውሮጳ ንምብራኽ ዘኽእሉ ኣገደስቲ ውሳኔታት ኣመሓላሊፉ። 5ይ ጉባኤ ግሃድኤ ዞባ ኤውሮጳ ሓዳስ ምምሕዳር ዞባ ብምምራጽ ስርሑ ብዓወት ዛዚሙ።*

*ቤት ጽሕፈት ዜናን ባህልን*
*ግንባር ሃገራዊ ድሕነት ኤርትራ*
*9 መስከረም 2018*